ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ናይ ፈርንቸር ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጳጉሜን 4, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 13, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቲ ይፈላላ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 13, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ናይ ፈርንቸር ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ነጋዶ/መቐረብቲ/ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቓሒታት

1. ተወሳኺ እሴት ታክሲ /ሻት/ ተመዝጋቢ ዝኾነ ናይ ወርሒ ሰነ 2017 ዓ/ም ዲክለር ዝገበሩ ::

2. ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

3. ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቐረባይነት ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

4. ናይ ግብሪ ኸፋሊ መለለይ ቁፅሪ (Tin Number) ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእልን።

5. መኽበሪ ጨረታ ንኤሌክተሮኒክስ 30,000.00/ሰላሳ ሽሕ ብር/ ንፈርንቸር 5,000.00/ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል ::

6. ተወዳደርቲ ንዘሸነፍዎ ንብረት ኣብ 15' ማዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ናብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ከቕርብ ዝኽእል።

7. ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ብር 100.00 ከፊልካ ብምውሳድ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ማህተም፣ፊርማ ሙሉእ ኣድራሻ ምስ ስልኪ ቁፅሪ ክገልፅ ዝክእል ካብ ዕለት 04/13/2017 ዓ/ም ክሳብ 13/01/2018 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኮፒን ኦርጅናልን ብምፍልላይ ምእታው ይኽእሉ:: ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት 4:30 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረኽብሉ ዝኽፈት ኮይኑ እንተዘይተረኪቦም እቲ ጨረታ ንምኽፋት ዝክልክል ከም ዘየለ ::

8. ኣብ ናይ ዋጋ መቐረቢ ዝተመልአ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን30 ማዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ፣ ብተወሳኺ እዉን ተወዳደርቲ ንሕድሕድ ንብረት ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ሓዊሶም ዝውዳደሩ ምኳኖም እናፍለጥና ሻት የወስኽ ወይድማ የቀንስ ዝብል ሓሳብ ወይ መብርሂ ተቀባልነት ዘይብሉ ምኳኑ ኣብ ሕድሕድ ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዩ ካብ ውድድር ዝወፅእ ምኳኑ "

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. .ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፊል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው ኾይኑ ብተወሳኺ እውን 20/5 ናይ ምውሳኽን ምቕናስን መሰሉ ዝተሓለ እንትከውን ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ መምልኢ ዋጋ ካብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ጥራሕ ይወስዱ።

10. ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344403100 ወይ ድማ ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 308 ምሕታት ትኽእሉ ።

ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle